# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.228 | ሰንበት 24 ግንቦት 2026 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ዞባ ደቡብ - ብሕብረ-ብሂረት ዘጌጸ ወግዓዊ ጽንብል ናጽነት



ገጽ 4
ጽንብል ናጽነት ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ



ገጽ 5
ጽንብል መበል 35 ዓመት ናጽነት ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ



ገጽ 7
ስእላዊ ዓምዲ

## መራሕቲ ክሮኤሻ፡ ስዊስ፡ ሲንጋፖርን ፍልስጤምን፡ ናይ ዮሃና መልእኽቲ ሰዲዶም

መራሕቲ ክሮኤሻ፡ ስዊስ፡ ሲንጋፖርን ፍልስጤምን፡ ብምኽንያት መበል 35 ዓመት ጽንብል ናጽነት ኤርትራ፡ ናብ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ናይ የሃና መልእኽቲ ሰዲዶም።

ፕረዚደንት ረፓብሊክ ክሮኤሻ ዞራን ሚላኖቪች፡ ፕረዚደንት ኮንፌደረሽን ስዊስ ጋይ ፓርመሊን፡ ፕረዚደንት ረፓብሊክ ሲንጋፖር ታርማን ሻንሙጋራትናምን ከምኡ'ውን ፕረዚደንት ፍልስጤም ማሕሙድ ዓባስ፡ ብስሞም ከምኡ'ውን ብስም መንግስታቶምን ህዝብታቶምን ኣብ ዝሰደድዎ መልእኽቲ፡ ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ጥዑና ናይ ስራሕ ኣሳልጦ፡ ንኤርትራን ህዝባን ድማ ራህዋን ሰላምን ተመንዮም።

እቶም መራሕቲ ብተወሳኺ፡ ምስ ኤርትራ ዘጸንሕ ክልተኣዊ ዝምድናታት፡ ንሓባራዊ ረብሓ ብዝበልጸ ንምምዕባሉን ንምዕማቑን ዘለዎም ድሌት ኣረጋጊጾም።

ፕረዚደንት ኮንፌደረሽን ስዊስ ጋይ ፓርመሊን ብተወሳኺ፡ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኮንፌደረሽን ስዊስን ዘሎ፡ ኣብ ሓድሕድ ምትእምማንን ምክብባርን ዝተሰረተ ጽቡቕ ዝምድና፡ ዝጋጥም ብደሃይታት ብሓባር ንምምካት ኣብ ዝተፈላለዩ መዳያት ንዘካበር ምትሕግጋዝ ብዝኾነት ንምምዕባልን ድልዱል ባይታ ከምዘሎ ገሊጹ።



## መበል 35 ዓመት ጽንብል ናጽነት፡ ብደረጃ ዞባ ደቡብ ተባዒላ

መበል 35 ዓመት ጽንብል ናጽነት፡ "ጽንዓትና ዋሕስና" ብዝብል ቴማ ብደረጃ ዞባ ደቡብ ብ22 ግንቦት ኣብ ስታድዮም ከተማ መንደፈራ ብልዑል ሃገራዊ ወኒ ተባዒሉ።

ኣብ'ቲ ሰበሰልጣን መንግስትን ግንባርን ከምኡ'ውን ነበርቲ ከተማ መንደፈራ ዝተረኽቡሉ ጽንብል፡ ንክብሪ በዓል ናጽነት ዝማዕርግ፡ ከምኡ'ውን ንጽንዓትን መኸተን ህዝቢ ዘመጉስ ሱጥቦቦዊ ማሳናድኡ ከምኡ'ውን ናይ ሰርከስ ምርኢት ቀሪቡ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብተኣብ ተስፋጽዮን ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ማስመሩ ጸገሙ ንኹሉ ግህድን ዘይግህድን ተጻብኦታት በዳህ፡ ልኡላውነቱን ህላወኡን ከምዘውሓሰ ብምግላጽ፡ ክብረታት ቃልሱን መኸተኡን ናብ ሓደስቲ ወለዶታት ምስግጋር፡ ደጽናሓሊዩ ዘይብዝሎ ዕማም ምዃኑ ገሊጹ።

"ከም ምምጻእ ናጽነት፡ መደባት ልምዓት ንምስላጥ'ውን ጸኒዕካ ምስራሕ'ዩ ዘድሊ" ዝበለ ኣቶ ሃብተኣብ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ዝርከብ ህዝብና ተኻፊሉ ምዕሩይ ጸጋታት ዝኾኑ ዕድላት ንምፍጣር፡ ብዓጸፋ ከምዝሰራሕ ኣረጋጊጹ።

ኣቦመንበር ኣወሃሃዲ ሽማግለ በዓላት - ኣቶ ኣብርሃም የውሃንስ ብወገኑ፡ መደባት ናጽነት - ካብ 15 ግንቦት ጀሚሩ ብምርኢታት ቁልዑ፡ ውድድራት ቅብኣን ስነጥበባዊ ናይ ጎደና መዘናግዒ ምርኢት፡ ሓባራዊ ጉያ ናጽነት፡ ከምኡ'ውን ንልዕሊ ሓደ ወርሒ ምድላዋት ዝተገብረሉ መደባት ወግዓዊ ጽንብል ከምዝጠቓልል ሓቢሩ።

እቲ ጽንብል፡ ኣብ ንኡስ ዞባታት'ውን ብደረጃ ዓድታት፡ ምምሕዳራት ከበቢን ከተማታትን ብዘለዓለ ሃገራዊ ወኒን ህዝባዊ ስታፊን ደብዓል ምህላዉ ዝጠቐሰ ኣቶ ኣብርሃም፡ ኣብ ምምዕራግ'ዛ ክብርቲ ዕለት ንዝተሳተፉ መንግስታውያን ኣካላት፡ ህግደፍን ሃገራውያን ማሕበራትን ኣመስጊኑ።

ኣብ'ቲ ብልዑል ተሳትፎ ህዝቢ ዝተኻየደ ሃገራዊ ጽንብል፡ ትልሂት ብሄራት፡ ጣዕመ ዜማታት፡ ከምኡ'ውን መዘናግዒ ድራማ ቀሪቡ።




ስእሊ: ፊልሞን ተካቦ

## ማእከል - ጽንብል ናጽነት ኣብ ኮማዊ ዳሳት

ኣብ ዞባ ማእከል፡ "ጽንዓትና ዋሕስና" ብዝብል ቴማ፡ ህዝቢ ኮማዊ ዳሳት ብምትካል መበል 35 ዓመት በዓል ናጽነቱ ጸንቢሉ።

በዚ መሰረት፡ ከም መቐጸልታ ናይ'ቲ ብ 22 ግንቦት ኣብ ሸደሽተ ንኡስ ዞባታት ዝተኻየደ መደብ፡ ትማሊ 23 ግንቦት ነበርቲ 13 ንኡስ ዞባታት ኮማዊ ዳሳት ብምትካል ሓጎሶምን ሓበኖምን ክገልጹ ውዒሎም።

እቲ ኣብ ኣኽርያ፡ ኣባሻውል፡ ገጀረት፡ ገዛ ባንዳ፡ ኣርባዕተ-ኣስመራ፡ ጎዳይፍ፡ ሰምበል፡ ጋሽ-ፍሒ፡ በርኽን ሰረጀቓን ዝተኻየደ፡ ንኹሉ ኣካል ሕብረተሰብ ዘሳተፈ ምዕሩግ መደባት፡ ብባህላዊ ጸወታታትን ጥበባዊ ዕዮታትን ደሚቑ ነይሩ።

ተሳተፍቲ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ መደባት ኮማዊ ዳሳት - ምውርራስ ተመኩሮ ዘጠቓለለ ኩይኑ ንኹሉ ክሊ ዕድመ ዘሳተፈ ከምዝዘበረ ብምሕባር፡ ዕለተ ናጽነት - ቀጻልነት ሰላምና ብንቕሓት ኣውሒስና፡ ሕድሪ ሰማእታትና ንምትግባር ቃልና እነሐድሰላ ስለዝኾነት፡ ንዝበርኸ ስራሕን ወጽኢትን ድርኺት ከምእትፈጥር ገሊጾም።

ነበርቲ ንኡስ ዞባታት ጸዓዘጋ፡ ማይ-ተመናይ፡ ማእከል-ከተማ፡ ዕዳጋ-ሓሙስ፡ ቲራቮሎን ፓራዲዞን ብ22 ግንቦት በብከባቢኦም ምዕሩግ ዳሳት ብምትካል፡ በዓል ናጽነት ከምዘጸንበሉ ዝፍለጥ'ዩ።

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ነበርቲ 16 ንኡስ ዞባታት፡ ብጠቕላላ 143 ኮማዊ ዳሳት ብምትካል መበል 35 ዓመት በዓል ናጽነት ብምዕሩግ ኣገባብ ከምዘጸንበሉ፡ ወኪላት ኤረና ሓቢሮም።

### ሓበሬታ

ብምኽንያት'ቲ ሎሚ 24 ግንቦት ዝውዕል ዕዙዝ መበል 35 ዓመት ጽንብል ናጽነትና፡ ሰኑይ 25 ግንቦት'ውን ህዝባዊ በዓል ምዃኑ ንሕብር።



ዜና

# ደ/ቀ/ባሕሪ - ጽንብል ናጽነት ብደረጃ ዞባ ተኻዪዱ

መበል 35 ዓመት በዓል ናጽነት፡ ብደረጃ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ “ጽንዓትና ዋሕስና” ብዝብል ቴማ ትማሊ 23 ግንቦት ኣብ ሰዓታት ንግሆ ኣብ ቀጽሪ ወደብ ዓሰብ ብምዕሩግ ኣገባብ ተጻንቢሉ።

ኣብ’ቲ ኣመሓዳሪ ዞባ ኣምባሳደር መሓመድ-ሰዒድ ማንታይ፡ ኣዛዚ እዚ ምብራቕ ብርጋዴር ጀነራል ኣብርሃም ዓንደምን ሰልጣን ራሓይታ ዓብደልቓድር ዳውድን ዝርከብዎም ናይ ክብሪ ዕዱማት ዝተሳተፍዎ ስነ-ስርዓት፡ ብበሎቓት ዝተኸፋፈለ ምርኢት ወተሃደራዊ ሰልፊ ሓይልታት ምክልኻልን ሓይልታት ፖሊስን፡ ምርኢት ጆላብ፡ ከምኡ’ውን ባህላውን ስነ-ጥበባውን ዕዮታት ቀሪቡ።

ኣምባሳደር መሓመድ-ሰዒድ ማንታይ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ዛ ክብርቲ ዕለት ክውንቲ ንምግባር ዝተኻየደ ነዊሕን መሪርን ቃልሲ፡ እልቢ ዘይብሉ ባህግታት ዝኸፈሎ፣ መስዋእቲ ህይወት ዝሓለፈ፣ ስድራቤታት ዝቤታተሸን ኣካላት ዘጉደሉን፡ እንተኾነ መወዳእትኡ ግን ከም ህዝቢ ክብረትን ሓርነትን ዘኾነፈና ከምዝተኸፈ ብምጥቃስ፡ ናይ ሎሚ ዓመት ጽንብል ኣብ ዝለዓለ መድረኽ ደብዓል ምህላዉ፡ ድርብ ሓጎስን ሓበንን ከምዝተፈጥረ ኣብሪሁ።

ተራ ክለን ኣካላትን ህዝብን ኣብ ምድማቕ በዓላት ዕዙዝ ከምዝነበረ ዝሓበረት ኣደ-መንበር ኣወሃሃዲት ሽማግለ በዓላት ወ/ሮ ሓዋ መሓመድ ብወገና፡ ነብርቲ 30 ምምሕዳራት ከበቢ ምስ ኣብ ከበቢኦም ዝርከብ ኣሃዱታት ሓይልታት ምክልኻል ብሓባር ብልዑል ድምቀት ከምዘጽንበልዎ ብምጥቃስ፡ እዚን ካልእን መደባት፡ መርኣያ ናይ’ቲ ንናጽነትናን ልኡላውነትናን ዝኸፈልናዮ ዋጋን ዘለና ክብረን ከምዝኾነ ኣፍሊጣ።

እዚ ከም’ዚ’ሉ እንከሎ፡ ህዝቢ ምምሕዳራት ከበቢ ከተማ ዓሰብ፡ ብ22 ግንቦት ኮማዊ ዳንስ ብምትካል መበል 35 ዓመት በዓል ናጽነት ብዓቢ ድምቀት ኣብዒሉ።





# ኮሌጅ ንግድን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን፡ ጽንብል ናጽነትን መዘዘሚ ፈስቲቫል ተመሃሮን ኣካዪዱ

ኮሌጅ ንግድን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን ኣስመራ፡ “ጽንዓትና ዋሕስና” ብዝብል ቴማ፡ ጽንብል መበል 35 ዓመት ናጽነትን መዘዞሚ መበል 13 ፈስቲቫል ተመሃሮን ብ22 ግንቦት ኣካዪዱ።

እቲ መደብ፡ ትምህርታዊ፡ ስፖርታውን ባህላውን መሰናድኣታት፡ ስእላዊ ምርኢት፡ ከምኡ’ውን ትርጉምን ርዝነትን ቅንያት ናጽነትና ዘንጸባርቕ ንጥፈታት ዘጠቓለለ ከምዝነበረ፡ ኣቦ-መንበር ኮሚተ ፈስቲቫል ተመሃሮ ዶ/ር ኣሚን ተኽላይ ገሊጹ።

ዲን ናይ’ቲ ኮሌጅ ዶ/ር እስቲፋኖስ ሃይለማርያም ብወገኑ፡ ናጽነት ኤርትራ ፍረ ቃልስን መስዋእትን ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ምዕቃቡን ብልምዓት ምኹላዑን ሓላፍነት መንእሰይ ወለዶ ስለዝኾነ፡ ተመሃሮ ንቑሕ ኣበርክቶ ክገብሩ ኣዘኻኺሩ።

ሓላፊት ሃማመተኤ ዞባ ሳዋን ትካላት ላዕለዋይ ትምህርትን ወ/ሮ መንእሰራ እስማዒል ድማ፡ ጽንብል ናጽነትና ዘዕቢዮ ሓላፍነት ቀሊል ከምዘይኮነ ጠቒሳ፡ ተመሃሮ መጻኢ ሃገር ስለዝኾኑ፡ ብዘመዝንዎ ኩነታት ከይተዛዕዱ ናብ ዝለዓለ ዘበርኽ ፍልጠትን ሞያን ክዓጥቁ ተላቢያ።

ተመሃሮ ብግዲኦም፡ ኣብ ኮሌጃት ዝካየድ ፍልጠት-ጠቀስ፡ ስፖርታውን ትምህርታውን ውድድራት ሓያሎ ብልጫታት ስለዘለዎ፡ ብዝለዓለ ክሰርሑ ተላቢዮም።

ኣብ’ቲ ብስነ-ጥበባዊ መደባት ዝተሰነየ መዘዞሚ ስነ-ስርዓት፡ ንዕወታት ናይ ዋንጫን ሜዳልያን ሽልማት ተዋሂቡ።

# ዝኽሪ መበል 35 ዓመት ናጽነት ኤርትራ፡ ኣብ ሪያድ ብልዑል ድምቀት ተጻንቢሉ

ዝኽሪ መበል 35 ዓመት ናጽነት ኤርትራ፡ “ጽንዓትና ዋሕስና” ብዝብል ቴማ፡ ብ21 ግንቦት ኣብ ሪያድ - ስዑድያ ብልዑል ድምቀት ተጻንቢሉ።

እቲ ስነ-ስርዓት፡ ብዛማደኤ ዝተዳለወ ስእላውን ንዋታውን ምርኢት፣ ባህላዊ ኣልባሳትን ትልሂታትን ብሄራት ኤርትራ፣ ብተመሃሮ ኣህጉራዊ ቤት-ትምህርቲ ማሕበረኮም ኤርትራ ዝቐረበ መዛሙርን ካልእ መደባትን፣ ከምኡ’ውን ባህላውን ስነ-ጥበባውን መሰናድኣታት ዘጠቓለለ ነይሩ።

ኣቦ-መንበር ማሕበረኮም ሪያድን ከባቢኣን - ኣቶ ተስፋይ ተኽለ ኣብ ዘቕረቦ ቃል፡ “ጽንዓትና ዋሕስና” ዝብል ናይ ሎሚ ዓመት ቴማ፡ ነቲ ሃገርና ኤርትራ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ዝሓለፈቶ እልቢ ዘይብሉ ተጻብኦታትን ዘርኣየቶ ሓያል መኸተን ዘንጸባርቕ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ዜጋታት ብሓፈሻ መንእሰያት ድማ ብፍላይ፡ ኣብ ማሕበርኮማት ተጠርኒፎም ንቑሕ ኣበርክቶኦም ክሀቡ ተላቢዩ።

ፈጻሚት ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ንግስነት ስዑዲ-ዓረብ ወ/ሮ ወይኒ ገረዝግሄር ብወገና፡ ኤርትራን ህዝባን ኣብ ዝሓለፈ ናይ ናጽነት ዓመታት ዝኣገጠሞም ከቢድ ብድሆታት ብጽንዓት መኪቶም፡ ፍቕሪ ሃገርን ሃገራዊ ንቕሓትን ናብ ወለዶታት ከሲግሩ፣ ናጽነትን ልኡላውነትን ናጻ ሕርያ ከውሕሱ፣ ውሽጣዊ ሰላም፡ ድሕንነትን ሰላምን ከረጋግጹ፣ ከምኡ’ውን ዝላቐ ልምዓትን ማሕበራ-ቁጠባዊ ዕቤትን ድልዱል ሰረት ከንጽፉ ከምዝኸኣሉ ብምግላጽ፡ “የቐና” ኢላ።

ተሳተፍቲ ጽንብል ብወገኖም፡ በዓል ናጽነት ርእሱ ክኢሉ ሃገራዊ በዓላትና ስለዝኾነ፡ ኣብ ዜጋታት ዝፈጥሮ ልዑል ሓበን ብኡ መጠን ከምዝዓቢ ብምጥቃስ፡ ንዓወት ሃገራዊ መደባት መብጽዓኦም ኣሐዲሶም።

ኣብ’ቲ ኣጋጣሚ፡ ብምኽንያት በዓል ናጽነት ክካየድ ኣብ ዝጸንሐ ግጥማት ኩዕሶ እግሪ ንዝተዓወቱ ጋንታ ሽልማት ተዋሂቡ።

እዚ ከም’ዚ’ሉ እንከሎ፡ ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ቐጠር ከምኡ’ውን ማሕበረኮም ኤርትራውያን ነበርቲ ቐጠር፡ ብምኽንያት መበል 35 ዓመት ጽንብል ናጽነት ኤርትራ፡ንማሕበረሰብ ዲፕሎማሲን ኣባላት ማሕበረኮምን ዝሳተፉ ክልተ ጽንብላት ኣብ ከተማ ኣ’ደውሓ ኣካዪዶም።

ብ13 ግንቦት ንማሕበረሰብ ዲፕሎማሲ ኣብ ዝተኻየደ ጽንብል፡ ስቡማዚ ሃገረ ቐጠር፡ ኣብ’ታ ሃገር ዝርከቡ ኣምባሳደራትን ካልኦት ዲፕሎማሰኛታትን ከምኡ’ውን ብርክት ዝበሉ ኣባላት ማሕበረኮም ኤርትራውያን ተሳቲፎም ነይሮም።

ኣምባሳደር ኤርትራ ኣቶ ዓሊ ኢብራሂም ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ ህዝቢ ኤርትራ ናጽነቱ ንምጉንጻፍ ንዝሓለፎ መድረኻት ምስናይ ብድሆታቱ ብምግላጽ፡ ኤርትራ ኣብ ሓድሕድ ምኽባር ዝተሰረተ ዝምድና ከምኡ’ውን ዝቕባዊ ሰላምን ሸርክነትን ዘለዋ ጽኑዕ መብጽዓ ኣረጋጊጹ።

ብ15 ግንቦት ንኣባላት ማሕበረኮም ዝተወደበ ጽንብል ድማ፡ ካብ ኤርትራ ዝኸደት ጉጅለ ባህሊ ብዘቕረበቶ ባህላዊ መደብ ማዕረጉ ነይሩ።

ብኻልእ ወገን፡ መበል 14 ባህላዊ ፈስቲቫል ኤርትራውያን ነበርቲ ሃገረ ቐጠር፡ ብ20 ግንቦት ብዓቢ ድምቀት ተኻዪዱ።

እዚ ማሕበራውን ባህላውን ብዙሕነትናን ኣብኡ ዝተሰረተ ስኒትናን ድልዱል ሓድነትናን ዘኮልዕ ዓመታዊ ሃገራዊ ምትእኽኻብ፡ መዛናጋዕን ኣዘናጋዕን መሰናድኣታት ዝሓቘፈ ነይሩ።




## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጳ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም	ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ	ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቊ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጳ. 1284

ሪፖርታዥ

# ዞባ ደቡብ - ብሕብረ ብሄራት ዘጌጸ ወግዓዊ ጽንብል ናጽነት

ዘርኣይ ብርሃ
ኣ/ዜ/ኤ - ዞባ ደቡብ




ዓርቢ 22 ግንቦት ኣብቲ ርእሲ ከተማ ዞባ ደቡብ ዝኾነት ከተማ መንደፈራ ንመንፈስካ ዘሬስህን ንልቢ ዘሕጉስን ብሕብረ ብሄራዊ መደባት ዝተቐነቐነ ወግዓዊ ጽንብል መበል 35 ዓመት በዓል ናጽነት ብደረጃ ዞባ ደቡብ ተኻይዱ።

እቲ መደብ ሰዓት ኣርባዕተ ድሕሪ ቀትሪ ክፍጸም ስለ ዝተመደበ፡ ኣቦታት እቲ ዘምሕረሎም ጥኖን ክዳን ሓቢኖም፡ ኣዴታት ዘመልክዖለን ጥልፈንን ሽፎንን ምስቲ ቁማል ዘጽድፍ ቁኖኦን፡ መንእሰያትን ህጻናትን'ውን ብሃገራዊ ጥንዴራ ዘጌጸ ማልያታት ለቢሶም እንተስ ነንሕድሕዶም ተሓቛቝፎም እንተስ ብወለዶም ተዓጂቦም ሽሁን እናበሉ ናብቲ ወግዓዊ ጽንብል ናጽነት ዝቐደሉ ስታድዮም መንደፈራ ወሓዙ።

ልክዕ ሰዓት ኣርባዕተ ድሕሪ ቀትሪ



ሚኒስተራት፡ ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት፡ ሰራሕተኛታት መንግስቲ፡ ተመሃሮን ብኣሽሓት ዝቖጸሩ ተቐማጦ መንደፈራን ኣኣብ ዝተመደበሎም ቦታ ኮፍ ምስ በሉ ወግዓዊ ጽንብል ብዘኽሪ ሰማእታት ጀሚሩ።

ኣቦ ወንበር ሽማግለ በዓላት ዞባ ደቡብ ኣቶ ኣብርሃም የውሃንስ ንሓፈሻዊ መደባት በዓል ናጽነት ብደረጃ ዞባ ደቡብ ዝምልከት ቃል ኣሰሚዑ። ኣቶ ኣብርሃም ኣብ መደረኡ፡ ቅንያት ናጽነት ኣብ ዞባ ደቡብ ብ15 ግንቦት ኣብ ከተማ ደባርዋ ብዝተኻየደ ወከልቲ 12 ንኡሳን ዞባታት ዝተሳተፍዎ ወድድራት ቅጽበታዊ ግጥምን ሓፈሻዊ ፍልጠትን ከም ዝፈለመ ብምጥቃስ፡ ካብ 19 ግንቦት ዝጀመረ ኣብ ከተማ መንደፈራ ዝቐረበ ምርኢት ሰነዳውን ስወራውን ፊልም፡ ባህላዊ ንጥፈታት ቈልዑን ተማሃሮን፡ ወድድር ቅብኣ፡ ህዝባዊ ኣይላ ከምኡውን ኣብ መላእ ዞባ ደቡብ ኣብ ዝርከብ ዓድታትን ከተማታትን ዝቐደደ ኮማዊ ዳንስ ብበዓሉ ይቐርብ ከም ዘሎ ሓቢሩ።

ብ17 ግንቦት ልዑል ተሳትፎ ኣትለታትን ተቐማጦ ከተማ ደቀምሓረን ዝተንጸባረቐሉ ሓበራዊ ጉያ ናጽነት ኣብታ ዛዞሚ ኩናት ዝተኻየደላ ከተማ ደቀምሓረ ከም ዝተኻየደላ ዝገለጸ ኣቶ ኣብርሃም፡ ብደረጃ ዞባ ደቡብ ሉዑል ምድላዋት ክቐደሉ ኣብ ዝጽንሐ ወግዓዊ ጽንብል፡ ዓሰርተ ብቛንቋታት ትግርኛ፡ ሳሆ፡ ብዓዌት፡ ኩናማን ትግረን ዝተቐማ ሃገራውያን ደርፍታት ማሳ ትልሂተን፡ ሓንቲ መዘናጋዊት ድራማ፡ ሓደ በይኑ መደራዊ ግጥም ከምኡውን ካብ ሰንዓፈን ማይምነን ዝመጹ ጉጅሊታት ሰርከስ ዘቕረብኦ ምርኢት ተዳልዩ።

ብድሕሪዚ ኣማሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብተኣብ ተስፋጼን ንመበል 35 ዓመት ናጽነት ዝምልከት ሰፊሕ ቃል ኣሰሚዑ። ኣቶ ሃብተኣብ ኣብ መግለጺኡ፡ ድሕሪ ባይታ ገድሊ ምምጻእ ናጽነትን ንምዕቃብ ሉኣላውነትን ልምዓት ሃገርን ዝተኸፍለን ዝኽፈል ዘሎ ክቡርን ትናዊ ዋጋ፡ ንሉዑል ጽንዓትን ተወፋይነትን ህዝቢ ኤርትራ ዘመስክር ምዃኑ ብምጥቃስ፡ "ጽንዓትና ዋሕስና" ዝብል ናይ ለሚ ዓመት ቴማ ጽንብል ናጽነት ኣብ ግብሩ ግዜኡን መድረኹን ከም ዝዝረመ ኣረዲኡ።

ከም ኣብ ኩሉ ኩርናዓት እዛ ሃገር ኣብ ዞባ ደቡብ ውን ፍረ ናጽነት ዝኾኑ ልምዓታዊ ንጥፈታት በጠኾበኡ ይሳላሰሉ ከም ዘለዉ ዝገለጸ ኣቶ ሃብትኣብ፡ ብፍላይ ንጥፈታት ምዕቃብ ማይን ሓመድን በቲ ዝዓበአ ሰፍልጠታዊ መንገዲ ንኸኸይደን ኣድማዕነት ንኽህልዎን ዝተገብረ ስራሕ፡ ደሮ ወጻኢቱ ክረኣን ክሰፍሕን ጀሚሩ ከም ዘሎ ብምሕባር፡ ጽንብል ናጽነት ንምምዕራግ ንዝጸዓሩ ወገናት ኣመስጊኑ።

ቀጺሉ እቶም መንፈስካ ዘሕድሱ ሃገራውያን ደርፍታትን ብወንኻ ዘበራብሩ ትልሂታት ዝተሰኹ ብቛንቋታት ትግርኛ፡ ሳሆ፡ ብዓወየት፡ ትግረን ኩናማን ዝተዳለዉ ዓሰርተ ደርፍታት ተር ኢሎም ክቐርቡ እንከለዉ፡ ንመድረኻት ሓመሳታት፡ ንመድረኽ ብረታዊ ቃልሲ ከምኡውን ንመድረኽ ምኽባር ሉኡላውነት ምምሳት እንዳታትን እትወክል ነዋሕ መዘናጋዊት ድራማ ብጉጅለ ባህልን ድራማን ከምኡውን ሕተትዎ ትብል በይኑ መደራዊት ግጥሚ ብስሩጥበባዊ መምህር ናህ ኀይቶኦም ቀሪበን።

ቀጺሉ፡ ብዮጽመ ስጋ ዝቖመ ሰብ ክሳብ ክንደይ ክተዓጻጸፍ ይኽእል ደዩ ዘብል ፡ ሰርከሳዊ ምርኢት እዩ ብካብ ሰንዓፈን ማይምነን ዝመጹ ጉጅለ ሰርከስ ቀሪቡ። እዞም ጉጅለ ሰርከስ ኣብ ልዕሊ'ቲ ብዘየቋርጽ ዘካይድዎ ጻዕሪ ኮምሽን ባህልን ስፖርትን ዞባ ደቡብ ኣብ ቓይና ብምስዓድ ዘሰልጠኖም'ውን ብምኻኑ ብቐዓቶም ደረጃኡን ዝሓለወ ሃገራዊ ምርኢት እዩም ኣቕሪቦም።

ኣብቲ መድረኽ ፍርያቱ ዘቕረበ ስነጥበባዊ ኮሳ ኣብ ናይ ተዓዘብቲ ቦታ ዝርከብ ሰብ ጥንዴራኡ እናኣንበልበለ ተፈሲሁዎ ይረኤ። ከመይ'ከ ዘይፍስሁ ወረዱ እንደዩ ወራይ ብወረዱ ፍሉይ ወራይ፡ ዓያምን ተዓያምን ዘይብሉ ኩሉ ዝዕጠቐሉ ሃገራዊ ወራይ! ሰብ ዋጋ ንዘኸፈለሉን ፍሉይ ክብሪ እዩ ዝሀቦ ከም ዝበሃል፡ ዛ ናይ ንዋይ ዘይኮነ ናይ ህይወት ዋጋ ኸፊልና ዘምጻእናያን ዝዓቀብናያን ናጽነት ኣኽብሮትን ኣዕዚዛን ከስተማቕራ ግድን እዩ።

ድሕሪቲ መሳጢ ምርኢት ሰርከስ፡ ንኹሉ ዕዱም ብሓባር ዘሰዓዐት 'ኣብ ጉዕዞ ኣለና' ትብል ብደምሳዊ ድራር ንብረእየሱስ ዝተቐመት ሃገራዊት ደርፊ ክትቀርብ እንከላ፡ እቲ ልዑል ወሀደትን ብቕዓትን መንእሰያት ስነጥበበኛታት ዞባ ደቡብ ዝተንጸባረቐሉ ወግዓዊ ጽንብል መበል 35 ዓመት ናጽነት ብሃገራዊ መዝሙር ተዛዚሙ።

መቐረት እቲ ዝቐረበ ስነጥበባዊ ፍርያት ዝተቛደሰት ተቐማጢት መንደፈራ ወ/ሮ ዛህራ ማሕመድ ኢድሪስ ኣብ ዝሃቦቶ ርእይቶ፡ ኣብ መንደፈራ ዝቐረበ ዘሎ ኩሉ መደባት በዓል ናጽነት ብሓፈሻ ኣብ ወግዓዊ ጽንብል ዝቐረበ ስነጥበባዊ ስርሓትን ተሳታፍነት ሕብረተሰብ ኣብ ኩሉ ንጥፈታት በዓል ናጽነት ደማ ብፍሉይ ከም ዝማስጣ ብምሕባር፡ ልኡላውነት ሃገር ኣብ ምውሓስን ሃገር ኣብ ምልማዕን ንዘሰተፉ ዘለዉ ኣብኡት ሓይልታት ምክልኻል ዘለዋ ሰናይ ምንዮት ገሊጻ።

ካብ ደቀምሓረ ብምምጻእ ኣብቲ ወግዓዊ ጽንብል ዝተሳተፈ ስነጥበባዊ ናህ ኀይትኦም ብወገኑ፡ ህዝቢ ኤርትራ ዋጋ ናጽነት ስለዝፈልጦ ጥራይ ዘይኮነ ብዮዙብሪ ተሰዊኡን ደምዩን ዘምጽኦ ብምኻኑ ብልዑል ወኒ ከም ዝጽንበሎ ብምሕባር፡ ኣብ መድረኽ ዝቐረበ ስነጥበባዊ ስርሓት ታሪኽን ባህላዊ ወርሻን ናብ ወለዶታት ዘሰጋግርን ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናተራቐቐን እናተማሓየሸን ዝኸይድ ዘሎ ስርሓትን ኮይኑ ከም ዝረኸቦ ገሊጹ። "ጽንዓትና ዋሕስና"!

ርሑስ ቅንያት በዓል ናጽነት!











ሪፖርታዥ

# ጽንብል ናጽነት ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ

ቀዳዊ ተወልደ
ኣ/ዜ/ኤ - ዞባ ጋሽ ባርካ

ህዝቢ ኤርትራ ኣንጻር ዝተፈላለዩ ግዝኣቲ ሓይልታት ዘበገሶ ፖለቲካውን ሰላማውን ቃልሲ፡ ሰማዒ ኣዝዩ ስኢኑ ንሕሰምን መከራን፡ ንስደትን ኢሰብኣዊ ግፍዕታትን ምስተቓልዐ እቲ እንኮ



ኣብ ኣርዑት መግዛእቲ ክገላገለሉ ዘኽእል ናይ መውዳእታ ኣማራጺ ዕጥቃዊ ቃልሲ'ዩ ነይሩ። ንኮ ኣዳል ድማ እቲ ውሑዳት ግን ከኣ ጾር ሓፋሽ ዝተሰከሙ ምዑታት ናጽነቶም ብቐልጽሞም ክምጽኡ ተኣማሚኖም ድምጺ ውጹዕ ሓፋሽ ከቃልሕሉ ዝመረጽዎ ጸንዓ እምባ ኮይኑ። ኣብ ባሕቲ መስከረም 1961 ዓ.ም ካብቲ ጸንዓ እምባ

ብኣፈሙዝ ዝተጋውሐ መቓልሕ ድማ ኪንዮ'ቲ ምስ ጸላኢ ፊት ንፊት ንምግጣም ዝበረ ቕሩብነት ናብ መላእ ዓለም ዝመሓላለፍ መልእኽቲ ነይርዎ። መልእኽቲ ቕሩብነት ንመስዋእትን መልእኽቲ ዘይተርፍ ናጽነትን።

እቲ ኣብ ኣዳል ውሑዳት ዝወለዕዎ ቁልዒ ፈኺም እናበለ መጋርያ ክቐየር ግዜ ስለዘይወሰደሉ ብዙሓት ደቂ ሃገር ደለይቲ ናጽነት ኣብ ዝርያኡ ዓሰለም ምቕቱ ተኻፊሎም። እዝሆ ድማ እቲ ብውሑድ ቁጽሪ ፈሊሙ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ዓጽሙን ደሙን ዝኸሰከሰሉ 30 ዓመታት ዝወሰደ መድረኽ ብረታዊ ቃልሲ ናጽነት ወሊዱስ ድሮ መበል 35 ዓመት ናጽነት "ጽንዓትና ዋሕስና" ብዝብል ቴማ ኣብ ውሽጢ ሃገርን

ወጻእን ብድምቀት ይጽንበል ኣሎ። ከም ኣብ ካልኦት ዞባታት ኣብቲ ኣዳል ዝርከቦም ታሪኻዊ ቦታታት ኣብ ከርሱ ዝሓቖፈ ዞባ ጋሽ ባርካ'ውን መበል 35 ዓመት ናጽነት ንምድማቕ ክልተ ወርሒ ዝወሰደ ሰፊሕ ምድላዋት ኮይዱ ድሕሪ ምቕናይ'ዩ ብ21 ግንቦት ብዞባ ደረጃ ዝተወደበ ወግዓዊ ጽንብል ተኻይዱ።

ቅድሚ'ቲ ብህዝባዊ ሰልፍን ፍኑው ባህላዊ ጸወታታትን ተሰንዩን ብምርኢት ወተሃደራዊ ሰልፊ ማዕርግን ዝተኻየደ ወግዓዊ ጽንብል ኣካል ቅንያት ናጽነት ዝኾኑ ዝተፈላለዩ መሰናድኦታት ክቐርቡ ቀንዮም። ኣብ 14 ንኡሳን ዞባታት ኣብ መንጎ ምምሕዳር ከባቢታት ዝተኻየደ ባህላዊ ውድድር፡ ቅኑ መንእሰያትን ተመሃሮን ዝተፈላለዩ ስፖርታዊ ውድድራት፡ ምሽላም ጎደናታት ብሕብራዊ መብራህቲ፡ ምልካይ ሕብሪ ንግዳዊ ትካላት፡ ላዛ ህጻናትን ቅድድም ኣግማልን ገለ ካብቶም ቅድሚ ወግዓዊ ዞባዊ ጽንብል ዝተኻየዱ ንጥፈታት ኮይኖም ኣብ ኩሎም መደባት ድማ ልዑል ወህደት ህዝብን ኣካላት መንግስትን ተንጸባሪቑ።

ኩሉ'ቲ ጽንብል ናጽነት ንምድማቕ ዝተኻየደ ጻዕርን ዝቐረበ ፍርያትን ምስ ዋጋ ናጽነት ዝዳረግ ዋላ'ኳ እንተዘይኮነ ኣቲ ናጽነት ንምምጻእን ንምውሓስን ዝተኸፍለ ሪዚን ዋጋ ብዝንጸባርቕ መልክዕ'ዩ ተዳልዩን ቀሪቡን። ክንዲ ዝኾነ ድማ ሰሩ ጥበባውያን ንናጽነት ዘይሞም፡ ገጢሞምን ደሪፎምን ህዝቢ ድማ ኣብ ጎደናታት ብምውጻእ ሓጎሱ ገሊጹን ተፈሲሁን።

ኣቡቲ ኣማሓዳሪ ዞባ ጋሽ ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ፡ ሓለቓ ስታፍ እዚ ምዕራብ ብርጌደር ጀነራል ጸሃየ መኮንን፡ ኣቦ መንበር ባይቶ ዞባ ጋሽ ባርካ ኣቶ ዑስማን መሓመድ ዓሊን ጸሓፊ ህግደፍ ዞባ ጋሽ ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ጃብራን ዝርከብዎም ላዕለዎት ሓለፍትን ኣዘዝቲ ሰራዊትን ብኣሽሓት ዝቑጸር ህዝብን ዝተሳተፍዎ ጽንብል ዝቐረበ







ባህላውን ጥበባውን መሰናድኦታት ቅኒቶምን መልእኽቶምን ኩሉ ንትርጉም ናጽነት ክኸውን እንከሎ ኣቦ መንበር ኣወሃሃዲ ሸማግለ ባዓላት ዞባ ጋሽ ባርካ ኣቶ እድሪስ ሳልሕ ድማ ኣብ መበል 35 ዓመት ጽንብል ናጽነት ዝተራእየ ድምቀት ነታ ብዘኾነ መዐየሪ ዘይልካዕ መዳርግቲ ኣልቦ መሪር ዕጥቃዊ ቃልሲ ብምኽያድ ዝተረኽበትን ዝተዓቀበትን ናጽነት ንምንጽብራቕ ዝዓለመ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ንኩሎም ነቲ ጽንብል ክዉን ዝገበሩ ኣካላትን ኮምን ኣመስጊኑ።

ኣማሓዳሪ ዞባ ጋሽ ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ ብወገኑ፡ ናይ ሎሚ ዓመት ቴማ ህዝብን ሰራዊትን ኤርትራ ኣብ ምምጻእ ናጽነትን ምውሓስ ልኡላውነትን ዝርኣይዎ መዘና ኣልቦ ጽንዓት፡ ተወፋይነትን ናይ ምጽዋር ዓቕምን ብልክዕ ዝገልጽ መድረኻዊ ቴማ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ሎሚ'ውን ከም ወትሩ ኣብ ውሽጣዊ ሰብዊ ዓቕሚ ዝተሰረተ ንኹሉም ካብ ርሑቕን ቀረባን ክመጹ ዝኽእሉ ንልኡላውነት ዘስግኡን ንልምዓታዊ መደባት ዝዕንቅፉን ሽርሒታት ንምምካት ዘኽእል ኣብ ሕድሪ ሰማእታት ዝምርኮስ ወሁድ ናይ መኸተ ኣገባብ ብምኽታል ብልዑል ተወፋይነት፡ ኣድማዕነትን ተጻዋርነትን ንዕየ ዝብል መልእኽቲ ኣመሓላሊፉ።

ኣቡቲ ጽንብል ዝተሳተፉ ነበርቲ ድማ ናጽነት ኤርትራ ዘይከም ናይ ካልኦት ሃገራት ብትካቦ ዝተዋህበ ዘይኮነስ ብመዳርግቲ ኣልቦ መሪር ቃልስን ሪዚን መስዋእትን ዝተረኽበን ዝተዓቀበን ብምዃኑ ዓመት መጸ ብድምቀት ከምዘኽብርዎ ብምጥቃስ፡ ብዘይካ'ቲ ብደረጃ ዞባ ዝተኻየደ ጽንብል ህዝቢ ብብምምሕዳር ከባቢኡ ተወዲቡ ኮማዊ ዳሳት ብምድላው ድሙቕ ቅንያት ናጽነት የሕልፍ ምህላዉ ሓቢሮም።





ሪፖርታዥ

# ጽንብል መበል 35 ዓመት ናጽነት ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ

ኢብራሂም ዑመር
ኣ/ዜ/ኤ - ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ

ናይ ለም ዓመት መበል 35 ጽንብል ናጽነት ኤርትራ፡ “ጽንዓትና ዋሕስና” ብዝብል ቴማ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻኢን ዝነብር ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ፡ ብስጡም ሃገራዊ ስሜትን ሓድነትን ከምኡ’ውን መካቲ ያታኡን ትሰፋው መጻኢኡን ብዘኾልሐ ውዕወዕ ሃገራዊ ስምዒትን ሓያል ወኒን ናብቲ ሓድሽን ትሰፋውን ምዕራፍ ኣብ እንሰጋገረሉ ዘለና መድረኽ ብምዕሩግ ኣገባብ ትጽንበል ኣላ።



ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ እውን፡ ብልዑል ተሳትፎ ህዝቢ ኩለን ንኡሳን ዞባታት፡ ምምሕዳራት ከባቢን ዓድታትን፡ ከምኡ’ውን ዝተፈላለየ ኩባንያታት፡ ሓይልታት ምክልኻልን ካልኦት ኣካላትን፡ካብ 13 ግንቦት ዝጀመረ መደባት ውድድር ናጽነት ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ውዓብ መንእሰያት፡ ሰሚናራት፡ ጽሬት ከባቢ፡ ባህላዊ ምርኢት ኣብ ጐደናታት፡ ባህላውን ስፖርታውን ንጥፈታትን ኮማዊ ዳሳትን ካልእን ዘጠቓለለ ማሰናድኦታት ደሚቑ ቀንዩ።

ወግዓዊ ጽንብል መበል 35 በዓል ናጽነት፡ ብደረጃ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ “ጽንዓትና ዋሕስና” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ብ22 ግንቦት እዩ ብኽብ ዝበለ መዳርግ ኣብ ስታድየም ከተማ ባጽዕ ተጸንቢሉ።

ኣብቲ ኣጋጣሚ፡ ሚኒስተር ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ኣቶ ተወልደ ቀላቲ፡ ዋና ኣዛዚ ሓይሊ ኣየር ሚጀር ጀነራል ተኽላይ ሃብተስላሰ፡ ኣዛዚ ተወርዋሪ እዚ ብሪጋዴር ጀነራል ሓድሽ ኤፍሬም፡ ግዚያዊ ሓለቓ ሰታፍ ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ ኮሎኔል ኣሕመድ መሓመድ ዓሊ፡ ሰበስልጣን መንግስቲ፡ ግንባር፡ ኣዘዝቲ ሰራዊትን ሃገራውያን ማሕበራትን ባዕቶን መራሕቲ ሃይማኖትን ዓበይቲ ዓዲ ብርክት ዝበሉ ነበርቲ ከተማ ባጽዕን ተረኺቦም ነይሮም።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ባህሊን ስፖርትን ወይዘሮ ዘይነብ ዑመር ኣብዚ ኣጋጣሚ ኣብ ዘሰምዓቶ ቃል፡ ጽንብል መበል 35 ናጽነት፡ “ጽንዓትና ዋሕስና” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ካብ 13 ግንቦት ኣትሒዙ ነቲ በዓል ብዝደምቑ ባህላውን ስፖርታውን ዘጠቓለለ መደባት ኣብ ኩለን ምምሕዳር ከባቢታትን ንኡስ ዞባታትን ብኽብ ዝበለ ኣገባብ ከም እተጸንበለት ብምሕባር፡ ኮማዊ ዳሳት፡ ባህላዊ ምርኢት ሓይልታት ምክልኻል፡ ምርኢት ሰልፊ ሰራዊት፡ ባዛር ስነ ጥበባዊ ማሰናድኦታትን ኣካል መደባት ጽንብል ናጽነት ምዃኖም ብምግላጽ፡ ንኹሎም ነቲ በዓል ንምድማቕ ዝጸዓቱ ኮሚተታት ዞባን ከተማን፡ ትካላት መንግስቲን ግንባርን፡ ሓይልታት ምክልኻል፡ ስነ-ጥበበውያን፡ ውልቀ ሰባት፡ ከምኡ’ውን ኣካላት ጸጥታን ዜናን ብስም ኣወሃሃዲት ኮሚቴ በዓላት ምስጋናኣ ኣቕሪባ።

ዋና ኣካያዲ ስራሕ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣቶ ክብሮም ዓንደሚካኤል ብወገኑ፡ ህዝቢ ኤርትራ ንዕለት ናጽነቱ ብልዑል ክብርን መዳርግን ዘጽንብሎ፡ እቲ ናብዚ ዕዙዝ መዓልቲ እዚኣ ንምብጻሕ ዝሓለፎ ተጋድሎታት፡ ብቕያታቱ ፍሉይን መዳርግቲ ኣልቦን ብምዃኑ ጥራይ ዘይኮነ፡ ድሕሪ ናጽነት እውን ህንጸት ሃገር ንኸይሰልጥ ንምድራቱ ንዘተኣለመ ውዲት እናበርዓነ መስረታት ልምዓት ኣብ ምንጻፍ ዘርኣዮ ሓያል መኸተ፡ ንትርጉምን ርዝነትን ዕለት ናጽነቱ ዘያዳ ስለ ዘዕዘዞ ምዃኑ ገሊጹ።



ህዝቢ ምስ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ብምውህሃድ ኣብ መደባት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ኩሉ ካልኦት ስትራተጃውያን ልምዓታውያን መደባት ዘርእዮ ዘሎ ተሳትፎ ልዑል ምዃኑ ዝሓበረ ኣቶ ክብሮም፡ ተበግሲ ዘሎ መደባት ልምዓት ኣብ ህዝቢ እወታዊ ጽልዋታት የሕድር ብምህላው፡ ተሪፉ ዘሎ መደባት ብዝሓየለ መልክዑ ክድፍኣሉ ምዃኑ ኣረጋጊጹ።

ኣብቲ ንልዕሊ ክልተ ሰዓታት ዝቐጸለ ጽንብል፡ ነታ ዕለት ዘጸብርቕ ወተሃደራዊ ሰልፊ ኣባላት ሓይሊ ኣየር፡ ሓይሊ ባሕርን ሓይሊ ምድርን፡ ከምኡ’ውን ብትልሂት ጉጅለ ባህሊ ሃማመተኤ ንኡስ ዞባ ባጽዕን ጉጅለ ባህሊ ዓራግን ዝተሰለ 15 ባህላውን ዘመናውን ደርፍታት ብቛንቋታት ትግርኛ፡ ትግራይት፡ ዓፋር፡ ሳሆን ብሊንን ክቐርብ ከሎ፡ ክልተ ግጥሚታት ትግራይትን ትግርኛን ብዘቐረቡ መደባት ደሚቑ ነይሩ።



ብዘይካዚ፡ ብ21 ግንቦት ነበርቲ ሓሙሽተ ምምሕዳራት ከባቢ ከተማ ባጽዕ፡ ብምኽንያት መበል 35 ዓመት ጽንብል ናጽነት፡ ኮማዊ ዳሳት ብምትካልን እኽሉ-ማይ ብምድላውን፡ ከም ሓንቲ ስድራ፡ ብሓደ ልቢን ኣብ ሓደ መኣዲን ብምዕሳል ብልዑል ወኒን ምዕሩግ ኣገባብን ኣስተማቒሮሞ።

እቶም ነበርቲ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ናይ ለም ዓመት ጽንብል ናጽነት፡ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ፡ ንኹሉ ብደሆታት ብትብዓት ጠሓሊሱ፡ ልኡላውነቱን ሓራ መስመሩን ሓልዩ፡ ወህደቱን ስኢቱን ደሪዑ ኣብ ዝምርሸሉ ዘሎ መድረኽ ይጽንበል ብምህላዊ፡ ፍሉይነት ከም ዘለዋ ብምጥቃስ፡ ነዛ ክብርቲ ዕለት፡ ብስጡም ሃገራዊ ስሜቱን ሓድነቱን ንመካቲ ያታኡን ትሰፋው መጻኢኡን ብዘኾለለ ውዕወዕ ሃገራዊ ስምዒት ይጽንበልዋ ከም ዘለዉ ሓቢሮም።

ዘስተማቕርዎ ዘለዉ ርጉእ ህይወት፡ ወጻኢት ናጽነት ንምምጻእ ዝተኸፍለ ካዊሕን መሪርን ሓርነታዊ ተጋድሎ ከም ዝኾነ ዘጠቓለሉ እየም ወሃብቲ ርእይቶ፡ ብዙሕ መሰገደላት ብጽንዓት ሳላ ዝተሰገረ ድማ፡ ዕለተ-ናጽነት ኤርትራ ኣብ ልቢ ነፍሲ-ወከፍ ኤርትራዊ ልዑል ክብሪ፡ ፍሉይ ርዝነትን ትርጉምን ከም ዘለዋ ኣብሪሆም።




እቶም ወሃብቲ ርእይቶ ኣብ መወዳእታ፡ “ልኡላውነትና ብምድፋርን ህላወና ንምሕካኽን ዝተፈተነ ሸርሒን ዝተፋሕሰ ተንኮልን ብጽንዓትን ስጡም ሓድነት ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ሳላ እተሰገረ፡ ኣብዚ እዋን ናብ ሓድሽን ትሰፋውን ምዕራፍ በጺሕና ኣለና” ድሕሪ ምባል፡ ኩሉ ዜጋ ብሓፈሻ፡ መንእሰይ ወለዶ ድማ ብፍላይ መጻኢ ምዕባለ ኤርትራ ብምሕናጽ፡ ኣብ ምኽባር ልኡላውነት ሃገር ከምኡ’ውን ኣብ ህንጸትን ምዕባለን ኤርትራ ርዚን ሓላፍነት ከም ዘለዎም ኣገንዚቦም።



ሪፖርታዥ

# ጽንብል ናጽነት ኣብ ኮማዊ ዳሳት

ማርታ ክብሮም

ቅንያቱ ቅንያት ሓጎሰን ደስታን ፍቕርን እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ኑቲ ብትኻቦ ወይ ብትምኒት ዘይኮነ ብመስዋእቲ ደቁ ዘምጽኦ ናጽነቱ ንመበል 35 ዓመቱ ኣብ ወሸጥን ወጻኢን ብምኳን ብኽብ ዝበለ ስነስርዓት የብዕሎ ኣሎ። ሎሚ ዓመት'ውን ህዝቢ ብዝከባቢኡን ምምሕዳራቱን ተወዲቡ ኣብ ህዝባዊ ዳሳት ውዕወዕ ሃገራዊ ጽንብል ከካይድ ቀንዩ።

"ጽንዓትና ዋሕስና" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ዝጽንበል ዘሎ መዓልቲ ናጽነትና፡ ሕድሪ ናይ'ቶም ብደሞምን ረሃጾምን ናጽነት ዘምጽኡ ጀጋኑና ኣጽኒዕና ንዘበለጸ ራህዋን ብልጽግናን እጅግና ሱበሲብና ንኽነስርሕ ቃል እንኣትወላ ዕለት እዩ።

ሃገራውያን በዓላትና ንሓድነትናን ጥምረትናን ዘኽልዑን ባህልናን ክብርታትናን ናብ መንእሰያትን ህጻናትን ዘሰጋግሩን ኣጋጣሚታት ከም ምዃኖም መጠን ብልዑል ወኒ እዮም ዝኽበሩ።

ኣብ ዞባ ማእከል ዝርከብ ንኡሳን ዞባታት ድማ ነዚ ክቡር ዕለት ንምድማቕ ኣብ ከከባቢኦን ንሓድነትን ጽንዓትን ዘጉልሕ ኮማዊ ዳሳት ብምትካል፡ ዝተፈላለየ መደባት ሰሪሐን ብውዕወዕ መንፈስ ጸንቢለንኦ።

ብ22 ግንቦት ንጥፈታት ኮማዊ



ኣማሓዳሪ ምም/ከባቢ ሜዳ ኤርትራ ኣቶ እያሱ ዮሴፍ

ዳሳት ንምዕዛብ ኣብ ወሰን ቦታታት


ወ/ሮ ኤደን በረኸት

ናይ ንኡሳን ዞባታት ማእከል ከተማን ዕዳጋ ሓሙስን ተዛዊርና ነይርና።

ነርቲ ምምሕዳር ከባቢ ሜዳ ኤርትራ - ንኡስ ዞባ ማእከል ከተማ


ኣቶ ካሕሳይ ገብረማርያም

ኣብቲ ሃገርኛ ዝብል ብዝተፈላለየ ጭርሖታትን ጥንዴራን ዝደመቐ ዳሶም፡ ድሕሪ ናይ ምሳሕ እንግዶት ፈለማ ናይ መኽፈቲ ቃል ዘሰምዐ ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ሜዳ ኤርትራ ኣቶ ኢያሱ የሴፍ እዩ።

"እዛ ሎሚ ተረኺብናላ ዘለና ዕለት፡ እታ ከቢድ መስገደል ሰጊርና፡ ብመስዋእቲ ኣሽሓት ብሉጻት ዝተረኽበት፡ መሪር ሰቓይ ዘሕለፍናላ ኣይፋል ንባርነትን ጭቆናን ግፍዕን ጉዕቲ ኢልና ቀሪጽና ብምብጋስ ዘምጻእናያን ዝዖቀብናያን ናጽነትና ኢያ። ነዛ ክብርቲ ዕለት ንምጽንባል፡ ብቐንያቱ ክንሽባሸበላ ኢና ቀኒና። እንህ ከምዚ ኢልና ብሓድነትን ፍቕርን ድማ ወዒልና፡ ናጽነትና ንዘልኣለም ትንበር " ኢሉ።

ንሱ ቀጺሉ፡ "ጽንብል በዓል ናጽነትና ሎሚ ዓመት፡ ኤርትራ ሃገርና ማእከል ሰሕበት ቀርኒ ኣፍሪቃን ዓለምን እናኾነት ኣብ ትኸደሉ ዘላ እዋን ይጽንበል ብምህላዉ ፍሉይ ይገብሮ፡ እንተኾነ "ደገፍም እንተ ኣላዩዋስ ዘላ ይመስሉ" ከምዝበሃል፡ ስርዓት ብልጽግና ኣፍደገ ባሕሪ ወይ ሞት እናበለ ኣዋጅ ኩናት ኣብ ሃገርና ካብ ዝኣወጅ ድሮ ካልኣይ ዓመቱ ኣሕሊፉ ኣሎ። ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ግን ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ህወተታ ስለዘይህወኽ እውጅ ኩናት ንምርሓቕ ሳላ ዝጸዓት ኑቲ ኩናት ከም ሓሳቦም ኣይሰመረሎምን" ኢሉ።

ኣብ መወዳእታ ኣቶ ኢያሱ ኑቲ በዓል ንምድማቕ እጃሞም ዝበርከቱ ትካላትን ነበርቲን ናይቲ ምምሕዳር ኣመስጊኑ።

ድሕሪ'ዚ ንክልተ ኣዴታት ካብ ተሳተፍቲ እቲ ጽምብል ኢና ኣዘራሪብና።

ፈለማ ዘዘራረብናያ ወይዘሮ ብርኽቲ ርእሶም እያ። ንሳ ኑቲ ጽንብል ኣመልኪታ፡ "ንዓይ ናጽነት ዓቢ ትርጉም እዩ ዘለዎ። ግዜ መግዛእቲ ወላ'ኳ ብዕድመ ንእሽተይ እንተነበርኩ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ግና ሰፍ ዘይብል ግፍዒ እዩ ተፈጺሙ። ስለዚ ናጽነት ክጽንበሎ ከለኹ ፍሉይ ስምዒት እዩ ዝስምዓኒ፡ ብቓላት'ውን እኹል መግለጺ የብሉይን። ብዙሓት ኣሓትናን ኣቦታትናን እየም ምእንቲ ናጽነት ሓሊፎም። ህዝቢ ኤርትራ ከምዚ ኢሉ መበል 35 ዓመቱ ክጽንብል ከሎ ብዙሕ ዋጋ ከፊሉ እዩ ኣምጺኡዋ።


ወ/ሮ ብርኽቲ ርእሶም

ኮታስ ህዝቢ ኤርትራ ጻማኡ ረኺቡ እዩ። መላእ ህዝቢ ኤርትራ እንቋዕ ናብ በዓል ናጽነትና ኣብቅዓና" ኢላ።

እቲ ንብዙሕ መዓልታት ምድላው ዝተገብረሉ ቅንያት በዓል ናጽነት ብጸቡቕ ሃዋህው ይጽንበል ከምዘሎ ዝገለጸት ኣስቴር ተስፋየሱስ ብወገና በዓል ናጽነት ትርጉም ናጽነት ተሰኪሞም ሕድሪ ክሰከሙ ሓላፍነት ዘሰከም ምኳኑ ኣስሚራትሉ። "ስውኣትና ክቀስኑ እንተኾይኖም፡ ደቅና ትርጉም ናጽነት ተረዲኦም ግቡኦም ክፍጽሙ ኣለዎም" ክትብል ድማ ኣተሓሳሲባ።

ኮማዊ ዳሳት ኣብ ምሕያል ሓድነት ህዝብን ምውርራስ ታሪኽን ልዑል ኣበርክቶ ኣለዎ። ኮማዊ ዳሳ፡ ነበርቲ ሓደ ከባቢ ንበዓል ናጽነቶም ሓቢሮም ዘብዕልሉን ድንድል ሰሪት ዝምድንኦም ዘሐይልሉን እዩ።

ቀጺልና፡ ናብ ምምሕዳር ከባቢ ማይ ኣፍረስ - ንኡስ ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ'ውን ተንቀሳቒስና ነይርና። እታ ምምሕዳር ከባቢ ብዘመሳሰለ፡ 22 ግንቦት ዝተፈላለየ ሽሻይ ኣዳልያ እያ መደባት ኮማዊ ዳሳ ብዘኽሪ ሰማእታት ከፊታቶ። ኣብ'ቲ ብጭርሖታትን ቴማታትን ዝወቀበ ኣዳራሽ፡ ኣብ ገጽ ኣሳሰይትን ዕዱማትን ዝርአ ዝነበረ ሓጎስ ካብቲ ዝመሰጠና ነገር እዩ።

ኣመሓዳሪ እቲ ምምሕዳር ከባቢ ኣቶ ሰሚር ሰዒድ፡ ህዝብና ብኣሽሓት ዝቖጸሩ ጀጋኑ ዋጋ ከፊሉ ናጽነት ከምዘምጽኦ ድሕሪ ምግላጽ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ንኹሉ ሽርሒ መኪቱ ንመበል 35 ዓመቱ ናጽነት ኩበዕል ብምብቅዑ 'የቐና' ኢሉ።

ቀጺሉ፡ "ኤርትራ ዝሓሸ ቁመናን ጸጥታን ዘሰፈና ሃገር ኮይና ኣላ። ሎሚ ሃገራት ምዕራብ ብፍላይ ድማ ኣመሪካ ምስ መንግስቲ ኤርትራ ክሰርሕን ኑቲ ትማሊ ዝጉብሮ ዝነበረ ተጻብኦ ጉዲፉ ጽምዶ ምስ መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ክሰርሕ ይደሊ ኣሎ። ውጽኢት ናይ'ዚ ድማ ጽንዓት ህዝብን መንግስትን ኤርትራ እዩ" ክብል ገሊጹ።

ኑቲ ዕለት ንምድማቕ ኣብቲ ኣዳራሽ ሳዕልን ታሕትን ክትብል ዝጸንሓትና ተጋዳሊት ሁዳ ካሕሳይ፡ ቅንያት ናጽነትና ብኹሉ መዳይ ምሉእ ምድላው ገይረን ይጽምብልኦ ከምዘለዋ ድሕሪ ምግላጽ፡ ናጽነት ካብ ጸልማት ናብ ብርሃን፡ ካብ ብርሃን ናብ ናጽነት ዝተሰጋገርናሉ መድረኽ ምኳኑ ኣረዲኣ።

ናጽነት ብደም ዝመጸት ብምኳና ኣብ ምዕቃባን ምክንኻናን እጃም


ወ/ሮ ኣስቴር ተስፋየሱስ

ናይ ውሑዳት ወይ ውልቀሰባት ጥራይ ዘይኮነ ሓላፍነት ናይ ኩሉ ዜጋ ምኳኑ'ውን ኣተሓሳሲባ።

ካሕሳይ ገብረማርያም፡ "ቅንያት ናጽነት ብጣዕሚ ጸቢቕ ኢና ንጽምብሎ ዘለና። ናጽነት ብፍላይ ንዓና ኤርትራውያን ፍሉይ ትርጉም እዩ ዘለዎ። ምኽንያቱ ብዙሓት ቀያሕትን ጸለምትን ከፊልና ኢና ኣምጺእናያ፡ የቐና! ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ እንቋዕ ናብ መበል 35 ዓመት መዓልቲ ናጽነትና ኣብቅዓና፡ " ክብል ሓጎሱ ኣካፊሉና።

ኣብ ጽንብል በዓል ናጽነት ንመበል ሳልሳይ ግዜኣ ኣብ ሃገራ ተብዕሎ ከምዘላ ዝገለጸት ካብ ዓዲ ጥልያን ዝመጸት ኤደን በረኸት ብወገና ኣብ ዓዳ ምስ ስድራ ቤታን ደቂ ገዛውታን ከተሕልፎ ምኽኣላ ሓጎስ


ወ/ሮ ሁዳ ካሕሳይ ማዓሾ


ከምዝተሰምዓ እያ ኣዕሊላትና። ኑታ ብዙሕ ዋጋ ተኸፊሉላ ዝመጸት ናጽነት ንምዕቃባ ክንሰርሕ ከምዘለና ከኣ ተላቢያ።







# ጽንዓትና ዋሕስና!


## ልክዕ ከምዚ ሎሚ ቅድሚ 35 ዓመት ዕለተ ናጽነት













ስእሊ- ኣርካይቭ ጨንፈር ስእሊ

ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ

# ስፖርት

ኣብርሃም ዮውሃንስ (ወዲ ዕቋር)

## ካብ ከብሒ ታሪኽ

- ናይ ፈለማ ጓል ኣንስተይቲ ኤርትራዊት ኦሎምፒካዊት ኣትሌት፡ ነብዮት ሃብተማርያም፡ ኣብ 2000 ዓመተ-ምህረት ኣብ ኦሎምፒክ ሲድኒ ምስ ክልተ ርእሳ ብምስታፍ፡ ዝኢ ክብሪ ክትበቅዕ ክኢሉ።
- ናይ ፈለማ ናይ ኦሎምፒክ መዳልያ ንኤርትራ ዘምጽአ ኣትሌት፡ ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ዘርእሰናይ ታደሰ እዩ። ኣብ 2004 ኣብ ኦሎምፒክ ኣቴንስ ኣብ ናይ 10 ሽሕ ሜትሮ ሳልሳይ ደረጃ ብምሓዝ ኑሓስ መዳልያ ንሃገሩ ኣግዚሙ።



- ኣብ ወሽጢ ናይ 120 ዓመት ታሪኽ ቱር ደ ፍራንስ፡ እቲ ናይ ፈለማ መድረኽ ዝዐዓወተ ጸለም ኣፍሪቃዊ ተቐዳዳማይ፡ ኦሎምፒካዊ ተቐዳዳማይ ብንያም ግርማይ፡ ኣብ 2024፡ ኣብ 3ይ፡ 8ይን ማብል 12ን መድረኻት ክዕወት እኽሎ፡ እቲ ናይ ፈለማ ዕውት ቀጠልያ ማልያ ቱር ደ ፍራንስ ኮይኑ ንኤርትራ ኣጸዊዐ።
- ኣብ ውድድር ኣትለቲክስ ናይ ፈለማ ተሸላሚ ወርቂ መዳልያ ኣብ ሻምፕዮን ኣፍሪቃ፡ ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ንገሰ ኣምለሶም (ወዲ ሓከም)። ንገሰ፡ ኣብ 2014 ኣብ ሞሮኮ ኣብ ዝተኻየደ ሻምፕዮን ኣፍሪቃ፡ ኣብ ናይ 10 ሽሕ ሜትሮ ተሸላሚ ወርቂ መዳልያ ክኸውን ክኢሉ።
- ኣከታቲሉ ሻምፕዮን ኣፍሪቃ ክኸውን ዝኸኣለ ናይ መጀመርያ ተቐዳዳማይ፡ ሄኖክ ምለእብርሃን እዩ። ሄኖክ፡ ኣብ 2022 ኣብ ግብጺ፡ ኣብ 2023 ኣብ ጋና ከምኡ'ውን ኣብ 2024 ኣብ ኬንያ ኣብ ዝተኻየደ ውድድራት፡ ሻምፕዮን ብምዃን ስለሳዊ ዓወት ኣመዝጊቡ።
- ናይ መጀመርያ ኤርትራዊ ብሉጽ ተጻዋታይ ሰኣሉ፡ ይደነቃቸው ሸማንገሉ፡ ይደነቃቸው፡ ኣብ 1994 ኣብ ኬንያ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ሰኣሉ ብሉጽ ተጻዋታይ ክብሃል ክኢሉ'ዩ። ኣብቲ ግዜ ኣብ ልዕሊ ሰሸልስ ብዘመዝገቦ ሹቶ'ውን ተዘኪሩ'ዩ።
- ናይ ፈለማ ኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ፡ ኣሰልጣኒ ተከኤ ኣብርሃ። ተከኤ፡ ናጽነት ኤርትራ ምስ ኩነ ንዝተማስረተት ሃገራዊት ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ካብ 1991 ክሳብ 1996 ኣሰልጣኒ ኮይኑ መሪሕዋ። ኣቶ ተከኤ፡ ድሕሪቲ ናይ ፈለማ ወጻእተኛ ኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ዝኾነ መሸር ዐሰማን (1998- 1999)፡ ንሃገራዊት ጋንታ ካብ 1999 ክሳብ 2000 ኣሰልጢንዋ'ዩ።
- ኣብ ሸዱሽተ ዋንጫ ኣፍሪቃ ብምድናይ ክብሪ ዝሓዘ ኤርትራዊ ዳኛ ተሰፉይ ገብረየሱስ ኮይኑ፡ ኣብ 1970፡ 1978፡ 1980፡ 1984፡ 1986 ከምኡ'ውን 1988 ከም ዳኛ ብምዃን ኣብ ዋንጫ ኣፍሪቃ ተሳቲፉ። ብዘይካዚ፡ ኣብ 1978 ኣብ ኣርጀንቲና ኣብ ዝተኻየደ ዋንጫ ዓለም ንኣፍሪቃ ከወክል ኸሎ፡ ኣብ 1984 ኣብ ኦሎምፒክ ተሳቲፉ።

## ናትናኤል - ኣብ ዕለተ ልደቱን ድሮ በዓል ናጽነትን ተዓዊቱ

ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ክሉብ ሞቪስታር ናትናኤል ተስፋጼን ትማሊ ቀዳም ኣብ ራብዓይ መድረኽ ጆርስ ደ ዱንከርክ ቀዳማይ ብምኻታው ተዓዊቱ።

ናትናኤል፡ ኣብ ድሮ በዓል ናጽነት ኤርትራ 23 ግንቦት - መበል 27 ዓመት ልደቱ እውን'ዩ - ኣብ ፈረንሳ ኣብ ዝተዳደ ዘሎ ቅድድም፡ ንኹሉም መወዳድርቱ ብምርታዕ'ዩ ድርብ ዓወት ጸንቢሉ።

ናትናኤል ነዚ 167.2 ኪሎሜተር ዝሸፈነ ውድድር ብ4 ሰዓትን 19 ካልኢትን እዩ ዛዚሙዎ። ነቲ ካልኣይ ኮይኑ ደድሕሪኡ ዝኣተወ ኣባል ደካትሎም ሲታን ደውልፍ ድማ ብ3 ካልኢት ፈልዩዎ ኣትዩ።

ናትናኤል፡ ኣብ ብጫ ማልያ ካብ መራሒ ሳውረንስ ፒትዜ 7 ካልኢት ጥራይ ድሒሩ ካልኣይ ኣሎ። ኣብ ናይ ሸኻ ማልያ'ውን ሓሙሻይ ደረጃ ሐዙ ደርኩቡ።

እዚ ውድድር፡ ሎሚ 24 ግንቦት ሓሙሻይን መዛዘምን መድረኽ ከሰላስል እዩ። ሕጂ'ውን ንናትናኤል ጸቡቕ ዕድል!



## ኣርሰናል፡ ድሕሪ 22 ዓመተ ምጽማም ዝደመቐት ክለብ

ኣርሰናል፡ ሎሚ ብወግዒ ድርቀት 22 ዓመት 'ተሪጺሙ' ክትብልዩ። ኣርሰናል፡ ኣብ ትሕቲ ሚከኤል ኣርቴታ፡ ብዙሕ ናይ ህንጻት መድረኽ ድሕሪ ምሕላፍ፡ ኣብ መሳልል ፕሪመር ሊግ ታሪኻዊ ዓወት ክተመዝግብ በቒዓ ኣላ።

ኣርሰናልን ዋንጫ ፕሪመር ሊግን ድሕሪ 2004 ሎሚ ፊት ፊት ክራኸቡ'ዮም።




ደገፍታን ተጻወትታን ድማ፡ ብሞገዕረ ጸዋእ ሓገስ ክቋደሱ'ዮም። ኣርሰናል፡ ኣብ 2004 ነዛ ዋንጫ ክትልዕላ ከላ፡ ናይ ሎሚ ኣሰልጣኒኣ ወዲ 22 ዓመት ኮይኑ፡ ንስኮትላንዳዊት ክለብ ረንጀርስ ይጻወተላ ነይሩ። ተጻወታያ ኦዴጋርድ ወዲ 5 ዓመት ኮይኑ ኣብ ኖርወይ ነይሩ። ሳካ፡ ገና ጸቡቕን ሕማቕን ዘይፈልጥ ወዲ ክልተ ዓመት ቁልዓ ክኸውን እንከሎ፡ ከይ ሃቨርተዝ ከኣ፡ ወዲ 4 ቁልዓ ኮይኑ ኣብ ጀርመን ይነብር ነይሩ። ዳርጋ ኩሎም ተጻወትቲ ኣርሰናል፡ ምስ ዋንጫ ፕሪመር ሊግ ርክብ የብሎምን። እንተ ሎሚ ሰንበት ግን፡ ነቲ ናይ 22 ዓመት ምጽማም ጋንታኦም መስከርቲ ብምዃን፡ ታሪኻዊ ዓወት ክቋደሱ'ዮም።

ኣርሰናል፡ ነዚ ናይ ሎሚ መዓልቲ ዓወት ክትጓናጸፍ፡ ትዕግስቲ፡ ጥንቁቕ ዕድጊ ተጻወትቲ ከምኡ'ውን ታክቲካዊ ፍልቀት ብምኽታል'ያ በጺሓቶ። ኣርሰናል፡ ካብ ንምህላው ተቃላሲት ጋንታ ናብ ዓብላሊት ዓለማዊ መድረኽ ኩዕሶ እግሪ ክትበጽሕ ክኢላ ኣላ። እዚ ከኣ፡ ኣብ መሳርዓ ዝተፈላለዩ ባእታታት ብምጽንባር'ያ በቒዓቶ።

ኣርቴታ፡ ኣብ 2019 ዝተሰበረ ባህሊ ኣርሰናል ወሪሱ'ዩ መንበር ምስልጣን ተረኪቡ። ፍርያት ኣካዳሚ ኣብ ዝኾኑ ንኣሽቱ ተጻወትቲ እምነት ብምሕዳር፡ ከም ናይ ተጻዋርነት ማሽን ኣርሰናል ዝረአ ዴክላን ራይስ ዝኣመሰሉ ተጻወትቲ ብምፍራም ከኣ፡ ስርዓታዊ ጽኑዕ ኣተኣታትዩ።

ኣርሰናል፡ ካብ መተሃላለኺታ ጋንታ ዋላ ትርሓቕ፡ ቀጻልነት ዘለዎ ጽኑዕ ህንጻት ብምኽታላ ምስ ዓወት ክትራኸብ ክኢላ። ተጻወትቲ ኣርሰናል ድሕሪ 22 ዓመት ሕልሚ ዋንጫ ዘኻኸቡ ተባሂሎም ክጽውዑ ከለው፡ ኣርሰናል ከም ጋንታ ድማ፡ ድሕሪ ምጽማም ዝደመቐት ክለብ ክትብሃል ክኢላ'ላ።

## ብዙሕ ድራማ ዝንጸባረቐ መዛዘሚ ግጥም

ፕሪመር ሊግ ድሕሪ ናይ ዓሰርተ ወርሒ ህልኽ፡ ሎሚ መጋረጃኡ ክዕጸው'ዩ። ኣብዚ ናይ መዛዘሚ ጸወታ ድማ፡ ብዙሕ ሰናርዮ ክንጸባረቐ'ዩ።

ቅልስ ንዋንጫ ብዓወት ኣርሰናል መኽተምታ ተገይርሉ'ሎ። ክልተ ደቂ ማንቸስተር፡ ሲቲን ዩናይትድን ካልኣይትን ሳልሰይትን ብምዃን ተሳትፎኦን ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ኣረጋጊጸን ኣለዋ። ኣስቶን ቪላ ድማ ሊግ ኤውሮጳ ብምዕዋታ ውሕስነት ረኺባ ኣላ።

ናይ ሎሚ ግጥም እምብኣር፡ ተሳትፎ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ፡ ኤውሮጳያን ሊግ፡ ኮንፈረንስ ሊግ ንምውሓስ ከምኡ'ውን ንድሕሪት ዝይምምላስ ሓያል ህልኽ ክንጸባረቐ'ዩ። ዎልቭስን በርንለይን ድሮ ምምላሰን ኣረጋጊጸን ኣለዋ። ካብ ቶተንሃምን ዌስትሃምን እትጽንበረን መን ምዃና ሎሚ ክውሰን'ዩ።

ቪላ፡ ኤውሮጳያን ሊግ ብምዕዋታ፡ ሸዱሽተ ክለባት ፕሪመር ሊግ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ንኽሳተፋ ዕድል ፈጢራ'ላ። እዚ ክኸውን እንተኾይኑ ግን፡ ቪላ ሓምሻይቲ ኮይና ውድድራ ክትዛዝም ኣለዋ። በዚ መሰረት ሊቨርፑል ንብረንትፎርድ ሰዒራ፡ ቪላ ድማ ብሲቲ ክትስዓር ኣለዋ። እዚ ከኣ፡ ንቦርንማውዝን ብረንትፎርድን ተስፋ ዝህበን'ዩ።

ቦርንማውዝ ድሮ ምስ ቀዳሞት ሸውዓተ ክለባት ምዝዛማ ኣፍሊጣ ብምህላዋ፡ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ወይ ኤውሮፓያን ሊግ ምስታፋ ኣውሒሳ'ላ። ሲቲ፡ ዋንጫ ኤፍኤ ካፕ ብምልዓላ፡ ሻድሻይትን ሻብዓይትን ዝወጽኣ ክለባት፡ ኣብ ኤውሮፓያን ሊግ ክሳተፋ እየን። ፕሪመር ሊግ፡ ሸዱሽተ ክለባት ተሳትፎ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ እንተኣውሒሱ ግን፡ እታ ሻብዓይቲ ዝወጽኣት ጥራይ'ያ ኣብ ኤውሮፓያን ሊግ እትሳተፍ። በዚ ከዩብቁዕ ኣርባዕተ ክለባት'ውን ተሳትፎኦን ኣብ ኮንፈረንስ ሊግ ንምርግጋጽ ሓያል ህልኽ ከንጸባርቓ'የን።

ናይ ሎሚ መዛዘሚ ፕሪመር ሊግ ከኣ፡ ካብ ቅድሚት ክሳዕ ድሕሪት ሓገሰን ጓህን ክኣንግድ'ዩ።

## ዜና ብሓጺሩ

- **ኑዛዜ ጓርድዮላ**

ጓርድዮላ፡ ዓርቢ ንግሆ፡ ኣብ ክራማት ምስ ማንቸስተር ሲቲ ክፋላለ ምዃኑ ብምሕባር፡ ንደገፍቱ ኣቐዚዚዎም'ዩ። ጓርድዮላ፡ ኣብ 2016 እግሩ ኣብ ከተማ ማንቸስተር ምስ ኣንበረ፡ ብዙሕ ክብርታት ተጓናጺፉ'ዩ። ንምውጻኡ ኣመልኪቱ ድማ፡ ኣብ ውሽጢ 10 ዓመት ካብ ዝወሰዶ ውሳኔታት እታ ተጣዕሶ ተናዚዙ። ጓርድዮላ፡ "ንዓመታት ኣብ ውሽጠይ ተጣዕሲ ሓንቲ ውሳኔ ኣላ" ድሕሪ ምባል፡ "ንጆ ሃርት ብቕዓቱ ከርእዩ ዕድል ኣይሃብክዎን" ኢሉ። ጓርድዮላ ንሓላዊ ልዳት ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝን ማንቸስተር ሲቲን ዝነበረ ጆ ሃርት ዕድል ብዘይምሃቡ፡ እታ ተጣዕሶ ውሳኔ ምዃና ይገልጽ። እዚ ክምዚ'ሉ ከሎ፡ ጓርድዮላ ዓለማዊ ኣምባሳደር ጉጅለ ኩዕሶ እግሪ ሲቲ ኮይኑ ከም ዝሰርሕ ተገሊጹ።

- **ናፖሊ፡ ማክቶሚናይ ከም ዘይወጽእ ኣፍሊጣ**

ናፖሊ፡ ብዙሓ ማክቶሚናይ ካብ ክለባት ፕሪመር ሊግን ስዑድያን ዝቐርብሉ ዘሎ ኣወናዊ ጠለብ ከም ዘጸገቶ ሓቢራ።

እዚ ስኮትላንዳዊ ተጻዋታይ፡ እምነ ኩርናዕ ክለብ ናፖሊ ብምዃን ዕዙዝ ተራ ኣብ ምጽዋት'ዩ ዝርከብ። ናፖሊ ድማ፡ ናይ ምሻጡ ልዳታ ብምዕጻው፡ ንዋሕ ዝጸንሕ ሓደሽ ውዕል ንምፍራሙ ትሰርሕ ኣላ።

እዚ ናይ ቀደም ተጻዋታይ ማንቸስተር ዩናይትድ ዝነበረ ማክቶሚናይ፡ ኣብ ሰሪ ኣ ብዘርእዮ ዘሎ ብቕዓት፡ ካብ ክልተ ክለባት እንግሊዝን ሓንቲ ካብ ክለባት ስዑድያን ሕቶ መጺእዎ ይርከብ። ናፖሊ ብወገና፡ ናይ ሓደ ዓመት ናይ ምውሳኽ ተኽእሎ ዘለዎ ክሳዕ 2030 ዝጸንሕ ውዕል ቀሪባትሉ ትርከብ።

- **ባርሳ፡ መታኣኢታ ለዋንደውስኪ ተቃምት**

ባርሰሎና፡ ነቲ ኣብ ክራማት ዝገድፋ ኣጥቃዓይ ሮበርት ለዋንደውስኪ ንምትካእ ኣብ መስመር ምጥቃዕ ዝጸወት ሃሰው ኣብ ምግባል ትርከብ። በዚ መሰረት ንሰለስተ ኣጥቃዕቲ ኣብ ቅድሚት ሰሪዓቶም ኣላ። ናይ ኣትለቲኮ ማድሪድ ጁሊያን ኣልቫረዝ ናይ ቸልሲ ጃኦ ፒድሮ፡ ናይ ባየር ሙኒክ ሃሪ ኬይን ድማ እዮም። ባርሳ ካብዘን ንኣልቫረዝ ክውንና ዝይልያ ፒኤስጂን ኣርሰናልን ሓያል ውድድር ክመጽኣ ይኽእል'ዩ። ከምኡ'ውን ቸልሲ ንፒድሮ ክተፋንዎ ድላይ ዘይብላ ብምዃኑ፡ እቲ ዝዓበየ ኣተኩሮኣ ናብ ሃሪ ኬይን ክኸውን ከም ዝኽእል ይግመት። ኬይን ምስ ባየር ሙኒክ ክሳብ ሰነ 2027 ዝጸንሖ ውዕል ኣለዎ። ባርሰሎና፡ ነዚ ወዲ 33 ዓመት ክትውንኖ ጽኑዕ ድላይ እንተ'ለዋ ድማ፡ 65 ሚልዮን ፓውንድ ዝጽሕ ናይ መፋነዊ ገንዘብ ክትከፍል ክትግደድ'ያ።

## መደብ ጸወታ

ሎሚ

መበል 38 መወዳእታ ጸወታ ፕሪመር ሊግ
ኩሉ 10 ግጥማት ሰዓት 6፡00 ድ.ቐ ክካየድ'ዩ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኣድራሻ | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ኣምፒር<br>ፋርማሲ ናጽነት<br>ፋርማሲ ዳሉል | 24/05/2026 | ጎደና ሓርነት ቁ.158ፊት ሰንማ ኣምፒር<br>ጎደና176-3 ቁ.8፡ ከባቢ ሚ/ሪ ትምህርቲ<br>ጎደና ሓርነት ቁ.158፡ ፊት ሳልሳዋይ በት ፍርዲ | 121480<br>122035<br>125266 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565